# ንጹር ራእይ(Vision)

ብስልታዊ ሜላ ኣጽፊፍካ ተርቅቕ
ሓፉሽ ትውከስ ተኻቲዑ ክጸምቆ
ዋሕስ ክኸውን ተሰማሚዕካ ተጽድቕ
ዕድል የስእን ተብላጺ ኮነ ጸኒሓዊ ክፍሕቆ

እዚ`ዩ ተሳኢኑ ኣብ ክንፊ ተቓውሞ
ኩሉ ይህውትት ንቕድመኡ ከም ዝጠዓሞ
ተፈላልዩ ይሕምብጥ ተሪፉ ዘርሞ-ዘርሞ
እዚ`ዩ ዘብኪ ንሓድሽ ወለዶ ዝለከሞ

መዳርግቲ ዘይብሉ ናይ ስናይ ጸበባ
ረዳኢ ተሳኢኑ ተዓጽዮም ኣብ ዛረባ
ብርሱን ዓጺን ቆርበቶም ክትርባዕ ከም ዓለባ
ደም መንእሰይ`ዩ ዝፍስስ ዘሎ ኣይኮነን ጸባ
ኣካላት ወላዲት ጠውሊጉ ደም ተሓሊባ

መናእሰይ ደቂ ህዝቢ ኣብ ሰሃራ ክጭወዩ
ኣብ ጸምጸም በረኻ ሰማዒ ዘይብሉ ክንጸዩ
ብመንጽሩ ተቓወምቲ ፍልልያቶም ክንዲ ዝመምዩ
ኮታ ናይ ሓባር ፍታሕ ከምጽኡ ብሓደ ዝዝትዩ
ምስ ጉጅለታቶም ተነጻጺሎም ይስዕስዑ ይለሃዩ
ናይቶም ሰዓብቶም ይገድድ ደድሕሪኦም ዝጎዩ
ዓገብ ዘይፈልጡ ካብ ጭፍራ ኢሰያስ ዘይፍለዩ
ብእከይ ተግባራት እዚኣቶም ኩሉ በኽዩ

ብቕድሚት ምራን ሓነቕ
ብድሕሪት ዕርፊ ጠወቕ
ኣብ ምነኃኡ ንነዊት ጨነቕ
ኤርትራዊ መንእሰይ ኣበይ ከ`ሎ ዘይውደቕ
ኣብ መጻብቦ ተቐርቂሩ ኩሉ ዝጭፍልቕ
ኣብ ዶባት ሃገሩ ተመልዒሱ ብጻዩ ዘይበቐቕ
ኣብ ፈቐዶ ባሕሪ ጠሊቑ ዓሳ ውሒጡ ዝጸሞቕ
ሓዊ-ረመጽ ምድረ-በዳ ሰሃራ ሓሊኹ ዘሕቀቕ
ኮርተገልበጥ ተሓላቒ`የ በሃላይ ከኣ ስልጣኑ የምባሁቕ

እዚ ኣነዋሪ ተርእዮ`ዚ እናረኤኻዶ ይበሃል ኣነ ኣነ
እእምሮ ህዝቢ ብእተፈላለየ ስቅያት እናተሓቕነ
ኣይብላዕ ኣይስተ ምቁር ቃላት ዝለውስ ዕነ-ምነ
ክእለት ተረኺቡለይ ብኹርባባ ቃላት ነንሕድሕድካ ጠቓነ
ዓንደ-ገመል ስድራ-ቤቱ ብተመልከተለይ ዘፍርስ ቁንቁነ

ጉድ`ምበር ተረኺቡ ገለ ከካፍኡ ገለ ከኣ ክንእዱ
ኣብ ዘይወዓልዎ ቁምነገር ንሳሕዳማት ዝዕድሉ ዘኤንግዱ
ድሕሪ ተባዓት ተሓቢኦም ዝተረፉ ሽርሒ ክኣልሙ ከዋድዱ
መንእሰይ ፈላለዮም ነንሕድሕዱ ዘቃተሉ ሓዊ ዝኣጎዱ
ኣስሓኮኦም ጸንቂቖም ኣብ ምፍልላይ ህዝቢ ዝሸወዱ
ዝቐደመ ውሒድዎምስ ሎሚ ንመንእሰይ ክፈላልዩ ክመበድብዱ
ኣይራኢናን በሉ መናእሰይ ምስ ውዲት ዝለመዱ ኣይትዕበዱ
ሎሚ ታራኹም`ዩ መናእሰይ ሓድሽ ራኢ ምስ ሓድሽ ቅዲ ከተዋሃህዱ

ትምህርቲ ይኸንኩም ናይ ትማሊ ዋዕላ
ኣስላማይና ክስታናይና ተዋሃሂድና ዝተዛተናላ
ደቂ እንኮ ሃገር ምኻና ሓቢርና በሊዕና ዝሰተናላ
መብዛሕቲኣ ከንፈራ ኣረማጢጣ ስንከልከል ኢላ
ዋላ እካ እንተዘይተደኮነ እቲ ህዝባዊ ታኸላ
መሰረት ግን ኣቐሚጥና ንጽባሕ ሓቢርና ንውዕለላ
ብዘይተረፍ ተኣኻኺብና ሕግና ኣጽፊፍና እንስንደላ
ውዕሎ ህዝቢ ኣይኮነን ምሕላው ኣጣል ወይ መሸላ
ውዕሎ ሃገር`ዩ ንኹሉ ይምልከቶ ኣይኮነን ጎይላ
ዝወዓለ ይንገርካ ክትመክር
ዝሰሓተ ይምከርካ ክትነግር
ዝተገብረ ውዕሎ ክጸሓፍ`ዩ ምስክር
ሻራይ ሻራኻ ኣየድልዮን ዝወዓልካዮ ክርክር

*ገብረሂወት ወልደሚካኤል*
2010-08-24 ስቶክሆልም